


# እገዳ ስለምንታይ ?

1. ኣብ መወድእታ ኣርብዓታት ፡ ኤርትራ ሃገርና ካብ ኣህጉርና ኣፍሪቃ እታ ዝማዕበለትን ህዝባ ስልጡን ብምንባሩን ፡ ንምዕራባውያን ሃገራት ዝሓጐስ ተርእዮ ብዘይምንባሩ ፡

2. እቲ ፈላሊኻ ግዛእ ፡ ሕሱር ውዲት ናይ ምዕራባውያን ሃገራት ፡ ( ንኤርትራ ኣብ ቆላን ከበሳን መቓቒሎም ፡ ከምዘይትህሉ ከሕቕቑዋ ዝሓሰቡ ) ብስሙር ድምጺ ሓረበኛታት ኤርትራውያን ፡ ንውዲታቶም ኣፍሺሉ ፡ ሰረት ሓድነትን ፡ ሓበራዊ ሃገራዊ እምነትን ብምስራቱ ፡

3. እቲ ብውዲትን ንረብሓ ምዕራባውያን ሃገራት ዝትኣልመ ስማዊ ፈደሬሽን ፡ ንኤርትራ ምስ ካብኣ ዝድሓረት ፡ ኩርኩር ሃጼያውያን ዝነበረትን ዘላን ኢትዮጵያ ምቑራና ኮነ ኢሉ ንረብሓ መንግስቲ ኣሜሪካን መሻርኽቱን ፡ ኣንጻር ድሌየት ህዝቢ ኤርትራ ዝወሰኖ ውሳነ ፈደሬሽንን ፡ ብግስ ከይበለ ውሳነ ፈደሬሽን ምጥሓሱ  ዘቈጥዖ ህዝቢ ኤርትራ ፡ በቲ ምዕራባውያን ሃገራትን ከደምቶምን ፡ ዝሰምዑዎ ቋንቋ ፡ እምቢ ንመግዛእቲ ኢሉ ንመሰሉን ሓርነቱን  ፡ ህዝባዊ ቃልሲ ምስራቱ ፡

4. ሰውራ ኤርትራ ፡ ብፍላይ ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣብ ዘካይዶ ዝነበረ ህዝባዊ ቃልሲ ፡ መሬትን ሰብን በብቑሩብ ሓራ ምውጻእ ዝኽተሎ ዝነበረ ሜላን ፡  ኣብ ሰሪቱ ዝነድቆ ዝነበረ ዱልዱል ሃገራዊ ንቕሓትን ጥምረትን ሓድነትን ፡

5. ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሱ ፡ ዘማዕበሎን ብርእዮ ሰሪሑ ዝትዓወተሉን ፡ ነብስኻ ምኽኣል እንከ መፍትሕ ሽግሩ ምኳኑ ኣሚኑ ዘእመነሉን ፡

6. ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ነቒሑ ፡ ፈታዊኡን ጸላኢኡን ብግቡእ ኣለልዩን መምዩን ፡ ስርናዩን ክርዳዱን ስለዝፈላለዮን ፡

7. ብስም ናይ ሰላም ፈሊጣን ዝተጠመቑ ፡ ንመስርሕ ሰላም ብምምዝማዝ ፡ ኣብ መድረኽ ኣትላንታን ናይሮብን ፡ ናይ ምድንጋርን ሓሶትን ሜላ ክጥቀሙ ዝፈተኑ ተዋሳእቲ እከይ ፡ ንቕሓት ህዝቢ ኤርትራ ፡ ንውዲቶም ዕርቃኑ ምውጽኡ ፡

8. ውጽኢት ናይ ኣብ ቁ.4 ተጠቒሱ ዘሎ ፡ ህዝቢ ኤርተራ ንዝነበረ ሓድነት ኣደልዲሉ ብሐደ ናዕታን ፡ ህርመት ልብን ፡ ኣብ ጎድኒ ህ.ግ.ሓ.ኤ ኮይኑ ንዝነበረ መግዛእቲ ፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ፡ ኣብ ናይ ታሪኽ ጉሓፍ ምድባዩ ፡

9. በዘይ ዝኾነ ደገፍ ፡ ህዝቢ ኤርትራን ሰውርኡን ፡ ነቲ ኣብጸሊም ኣፍሪቃ መዳርግቲ ዘይነበሮን ፡ ተወሳኺ ብክልተ ደንበ ዝድገፍ ዝነበረ ፡ መግዛኢቲ ስዒሩ ፡ ደሙ ኣፍሲሱ ዓጽሙ ከስኪሱ ዝኣወጆ ናጽነት ፡

10. እቲ ብዓቕሙን ተበላሕነቱን ፡ ዕዉት ( 99.825% ) መደብ ርፈረንዱም ፡

11. ካብ ትሕቲ ዜሮ ተበጊስና ፡ መግዛእታዊ በሰላ ኣሕዊና ፡ ኣብ ቁጠባዊ ምዕባለ ዘመዝገብናዮ ፡ ማለት ካብ ግዜ ሓርነት ካሳብ ቅድሚ ወራር ወያኒ ፡  ዓመታዊ 7% ዕብየት ዘመዝገብናሉ ፡

12. በቲ ኤርትራዊ ዝደልዮን ዝሰማምዖን ዞባዊ ምሕደራ ምመስራት ፡

13. ምምስራት ዞባውያን ባይቶታት ፡

14. ብዓቕምና ፡ ብኤርትራዊ ዓቕሚ ፡ ቅዋም ነዲፍና ንትግባረ ኣብዝተቐራረብናሉ ፡

15. ኤርትራዊ ባጤራ ኣሕቲምና ብምውጺእና ፡

16. ቅንኢ ዝወለዶን ፡ ብወጻእተኛታት ትሃንዲሱ ዝተመወለ ፡ ወራር ጀንዳ ወያኑ ገጢምና ምስዓርና ፡

17. ኣብ ዓለማዊ ቤት ፍርዲ ፡ ንመሰልናን መረበትናን ፡ ተሚጊትና ብምርታዕና ፡

18. ብወፍሪ ዋርሳይ ይክኣሎ ዝተመዝገበ ፡ ኣብ ታሪኽ ናይ ኣፍሪቃ ይኹን ፡ ኣብ'ዛ እንነብረላ ፐላኔት ኣፍሪቃ ፡ ብኣፍሪቃዊ ዓቕሚ ፡ ቅልጡፍን ዘትኣማምን ምዕባለ ኣብ ኤርትራና ምምዝጋቡን ፡ ንካልኦት ጸለምቲ ኣፍሪቃ ኣብነት ምዃንናን ፡

19. ብስም ጥርፉነትን ቀርሰናን ፡ ግዳይ ናይ ምዕራባውያን ዘይምዃንና ፡

20. መጻኢና በሪሁ ኣብዘትኣማምን መድረኽ መቐይሮ ፡ መንጠሪ ባይታ ምርጋጽና ፡

21. ናይ ጽቡቕ ሕማቕ ኣብነት ብምዃንና ፡

22. ጥሙራት ብማሕላ ኣብ ሓንቲ ሰንደቕ ስለዝኾንና ፡

23. ንቑሑን ውፉይን መርሒነት ምውናንና ፡

ውጽኢት ናይዚ እኩብ ድምር ፡ እቲ ክንነብር ዘይደልየና ሓንካሪ ጸላኢና ፡ እታ ክብላ ዝኽእል ፡ ንማሕበረሰብ ዓለም ኣገዲዱ ፡ እገዳ ምእዋጁ ንዓና ንኤርትራውያን ሓድሽ ኣይኮነን ፡ መኽንያቱ ( ዝመጸጸ ስዋ ኣብ ዝትዓጠነ ዕትሮ እንተመለስካዮ መቐረቱ ፈጺሙ ኣይቅይርን ስለዝኾነ ) ፡

ስለዚ ከምቲ ዝተባህለ ፡ እዚ እገዳ ዝብለዎ ፡ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልስና ፡ ከቢድ እንተድኣ ነይሩ ፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ፡ ናጽነትና ጨቢጥና ፡ ኣደልዲልና ረጊጽና ፡ እገዳ ዝብልዎ ዘረባ ኮንቱ እዩ ፡ እንቶ ንሕና ግን መሊስና ንስውድ እምበር ብልሕና ኣይጐድምን ፡

- ሎሚ'ውን ከምቀደም ትዓወቲ ኢና ፡ መኽንያቱ መንገድና መንገዲ ሓቂ ስለዝኾነ ፡
- እቶም ምንባርና ዘይደልዩ ፡ እናርኣዩና ናይ ዘልኣለም ሞት ምሟቶም ኣይተርፎምን'ዩ ፡ ዘይናቶምን ገንዘቦምን ስለዘቋምቱ ፡
- ወትና ናይ ግድን እዩ ፡

ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ነቶም ነዚ ብርሃን ንኽንርኢ በጃና ዝሓለፉ ጀጋኑ ሰማዕቲ !

ዓወት ንሓፋሽ !